HM Government

Grenfell community updates

Grenfell Tower community update: November 2026 - Tigrinya/ ትግርኛ

ናይ ግረንፈል ታወር (Grenfell Tower) ማሕበረሰብ ሓድሽ ሓበሬታ:- ኖቬምበር 2026

ግረንፈል ታወር (Grenfell Tower) ነቶም በቲ ዘሕዝን ፍፃመ ኣዝዮም ዝተሃስዩ ዓሚቕን ውልቃውን ትርጉም ከም ዘለዎን፡ እቲ ቦታ ድማ ንቶም ቤተሰብ ዝተከበረ ምኺኑ ንርዳእ ኢና።

ነቲ ህንጻ ብጥንቃቐ ምፍራስ ኣብ እንገብረሉ እዋን በብእዋኑ ዝመጽእ ሓድሽ ሓበሬታ ከነካፍለኩም ንፈቱ።
ኣብዚ እዋናዊ ሓበሬታ፡ ዝምልከት ዝርዝር ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም፤

- **ብዛዕባ እቲ ኣብ መዘከርታ ዝስራሕ ዘሎ ስራሕ**
- **ሓበሬታ ብዛዕባ ምክትታል ሓመድ፣ ምንቅጥቃጥን ድምጽን**
- **ናይ ጥዕናን ፅቡቕ ሂወትን ደገፍ**
- **ንዓና ንክተዘራሩቡና ወይ ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ ዝሕግዙ መንገድታት**

ቅድሚ ሕጂ ዝተገብረ ሓድሽ ሓበሬታ ኣብዚ ክትዕዘቡ ትኽእሉ ኢኹም፡ www.gov.uk/grenfell-community-updates

ኣብቲ መዘከርታ ዝካየድ ዘሎ ስራሕ

Freehaus ዝተባህለ ነጻ ዝኮነ ናይ ዲዛይን ጉጅለ ምስ ማሕበረሰብ Grenfellን ከግረንፈልን ታወርን ኮሚሽን ዝኽሪ (Grenfell Tower Memorial Commission) ብምትሕብባር ነቲ ዲዛይን መዘከርታ ከዳልዎ ጸኒሑ እዩ። ካብቲ ዝተአቀደሉ ዲዛይን ከም ሓደ ክፋል፡ እቶም 14 ናይቲ ታወር ዓምድታት ክሳብ ኣርባዕተ ደርቢ ንውሓት ኣብ ቦታኦም ክጸንሑ ይግበር። እዚ ድማ ኣካል ናይቲ ናይ መወዳእታ ዲዛይን ተገይሮም ንክውሰዱ የኽእል ዲዛይን ቅድሚ ምዝዛሙ፣ ማሕበረሰብ ምስ Freehaus ክዘራረቡሉ ዝኽእል ተወሳኺ ዕድላት ክህልዉ እዮም። ብተወሳኺ፣ ብቐጥታ ኣብዚ ዝስዕብ ኢመይል ክትረኽብዎም ትኽእሉ፡- hello@freehausdesign.com

ኣብ ዙርያ እቲ ግምቢ ዘሎ ስካፎልዲንግ፡ ዓምድታት እቲ ግምቢ ኣብ ቦታኡ እናገደፍካ፡ ውሑስ ናይ ምፍራስ ስራሕ ንኽፍቀድ ይትካእ ኣሎ። ኣብ እዋን እዚ ስራሕ፣ እቲ ግንቢ ብጻዕዳ መሸፈኒ ተሸፊኑ ክጸንሕ እዩ።

ብዛዕባ ኣቢራ፡ ምንቅጥቃጥን ብኽለት ድምጽን ዝግበር ክትትል ሓበሬታ

መንግስቲ ብGrenfell Tower ዝካየድ ዝኾነ ይኹን ስራሕ፡ ብዝለዓለ ደረጃ ጽሬት ምፍጻሙ ንምርግጋጽ ቁሩብ እዩ። ናይ ማሕበረሰብን ኣብ ቦታኡ ንዝሰርሑ ሰባት ድሕንነትን ጥዕናን ኩሉ ግዜ ቀዳምነት እንህቦ

ጉዳይ እዩ። ኣብቲ ቦታ እቲ፡ ብዛዕባ ኣቢራ፡ ምንቅጥቃጥን ጫውጫውታ ድምጽን ናይ ቐጥታ ሓበሬታ ዝእክቡ መሳርሒታት ክትትል ተተኺሎም ኣለዉ። እቲ ሓበሬታ በብወርሑ ንህዝቢ ይፋ ይግበር። እቶም ናይ ቀረባ ግዘ ጸብጻባት ንምርኣይ፡ በጃኹም ኣብ ታሕቲ ዘለዉ መላግቦታት ጠውቁ።
Dust monitoring report 31 August to 27 September 2026
Vibration monitoring report 31 August to 27 September 2026
Noise monitoring report 31 August to 27 September 2026

ብGrenfell Tower ኣከባቢ ስራሕ ኣብ ዝካየደሉ እዋን፡ ናይ UK ውሕስና ኤጀንሲ (UK Health Security Agency, UKHSA)፡ ንጽሬት ኣየር እቲ ከባቢ ምግምጋሙን ምክትታሉን ክቕጽል እዩ። እቶም ጸብጻባት በብወርሑ ንህዝቢ ኢፉ ክግበሩ እዮም። እቲ ናይ ቀረባ ግዘ ጸብጻብ ኣብዚ ክትረኽብዎ ትኽእሉ፡-
Environmental monitoring following the Grenfell Tower fire - GOV.UK

ናይ ጥዕናን ፅቡቕ ሂወትን ደገፍ

ናይ Grenfell ኣገልግሎት ጥዕናን ድሕንነትን (Grenfell Health and Wellbeing Service)፡ ንቆልዑን ንዓበይትን ዝቑርብ፡ ካብ ክፍሊት ነጻን ምስጢራዊነትን ዝሕሉ ናይ NHS ኣገልግሎት እዩ።
እቲ ህንጻ ብጥንቃቐ ናይ ምፍራስ ስራሕ ኣብ ዝካየደሉ ኩሉ እዋን፡ ነቶም ኣባላት ስድራቤቶም ዝሰኣኑ፡ ካብቲ ሓደጋ ብህይወት ዝተረፉን ኣብ ቀረባኡ እቲ ከባቢ ዝርከቡ ነበርትን፡ ናይ ስነ-ልቦናን ናይ ኣካላዊ ድሕንነትን ደገፍ ምሃቡ ክቕጽል እዩ። ሓደ ሰብ ክታዛርቡ እንተደሊኹም፡ እዚ ክትጥቀሙ ትኽእሉ ኢኹም፡-

- ን ግሬንፌል ኣገልግሎት ድሕንነት (Grenfell Wellbeing Service) ብ 020 8637 6279 ደውሉ። (ኩሉ ግዜ ካብ ሰዓት 8:00am ክሳብ 8:00pm)
- ሃንደብታዊ ኩነት ከጋጥም እንከሎ፡ ናይ ማእከላይን ሰሜናዊ ምዕራብን London ናይ NHS ፋውንዴሽን ትረስት (Central and North West London NHS Foundation Trust's, CNWL) ናይ ሓደ ጊዜ ናይ ምኽሪ ኣገልግሎት መስመር በዚ ዝስዕብ ቁጽሪ ኣድራሻ ደውሉ፡- 0800 0234 650
  (ኣብ መዓልቲ 24 ሰዓታት፡ ኣብ ሰሙን ንሸውዓተ መዓልታት ክፉት እዩ።)
- ኢሜይል፡ grenfell.wellbeingservice@nhs.net
- ተወሳኺ ሓበሬታ ንምፍላጥ ነዚ www.grenfellwellbeing.cnwl.nhs.uk ብጻሕዎ።

ብዛዕባ እቶም ዝርከቡ ኣገልግሎታት ዝምልከት ወቕታዊ ሓበሬታ ንምርካብ፡ www.grenfell.nhs.uk ብጻሕዎ።

ብኽመይ ምሳና ምዝርራብ ወይ ተወሳኺ ሓበሬታ ክርከብ ከም ዝከኣል

እቲ ሓበሬታ ንዓኹም ጠቓሚ ብዝኾነ መንገዲ ከነካፍለኩም ንደሊ። ስሩዕ ሓድሽ ምዕባለታትን እዋናዊ ሓበሬታን ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ምክፋል ክንቅጽል ኢና፡ www.gov.uk/grenfell-community-updates

ነዞም ዝስዕቡ ጉዳያት ድማ ብኽብረትኩም ናብ GrenfellTowerSite@communities.gov.uk ኢመይል ግበሩልና፡-

- ንሕና ወይ በቢቦታኡ ዋና ስራሕ ተቓራፂ ዝኾነ DCUK፡ ንምዝርራብ ቆጸሮ ሓዙ።
- እቲ ህንጻ ብጥንቃቐ ናይ ምፍራስ ስራሕ ዘለኩም ዝኾነ ይኹን ሕቶታት ይሕተቱና ወይ ስክፍታታትኩም ኣካፍሉና።
- እቶም እነውድኦም ወቕታዊ ሓበሬታታት ብቐጥታ ብኢሜይል ክለኣኹልኩም ሕተቱና።
- ብዛዕባ እቲ ምሳኹም እንገብሮ ርክብን ናይ ከይዲ ተሳትፎን ዘለኩም ርእይቶ፡ ድሌቶም ተኾይኑ ያካፍሉና። ሓሳባትኩም ብሓጎስ ክንቅበሎም ኢና።

ብዛዕባ ግሬንፌል ታወር (Grenfell Tower) ናይ ቀረባ እዋን ሓበሬታ ንምርካብን ናይኢሜይል ምልክታታት ንኽመጻኩም
ንምምዝጋብ፡ በጃኹም ናብ www.gov.uk/grenfell-community-updates ኪዱ ወይ ነቲ QR ኮድ ስካን ግበሩ።